# ቅዋምን ደሞክራስን

ቅዋም መንግስትን ሕንረተሰብን ዝመሓደረሉ መሰረታዊ ሕጊ`ዩ። መንግስቲ ብኸመይ ከም ዝቐውምን ዝመሓደርን ዜጋታት እንታይ መሰልን ጉቡኣትን ከምዘለዎምን ዝድንግግን እቲ ዝለዓለ ሕጊ ሃገር`ዩ። ኣብ ቅዋም ስልጣንን ሓላፍነትን መንግስቲ ከምኡ`ኸኣ ብሕግታትን ሕጋጋትን ይዝርዝር።

ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ ቅዋም መንግስትን ሕብረተሰብን ዝምስረተሉ ፍልስፍናዊ ፖለቲካውን ሕጋውን ባይታ ዝገልጽን ሃገራዊ ዕላማታት፡ ኣወዳድባ ስልጣን፡ ሕጋውነት መንግስትን ኣሰራርዓ ፖለቲካዊ ትካላትን ዘነጽርን ሃገራዊ ሰነድ`ዩ። ኣብ ቅዋም ዝተደንገጉ መሰረታውያን  መትከላትን መሰላትን፡ ብዝግባእ ዝትግበረሉ ኣገባብ፡ ቅዋማዊ ስርዓት ወይ ቅዋምነት ይብሃል። ቅዋም እምበኣር ብዘይ ቅዋምነት ህይወት ዘይብሉ ሰነድ`ዩ። ስለዚ ዝድግፎን ዘሳትፎን ኣገባባት የድልዮ።  ቅዋም ማለት ደሞክራስን ግዝኣተ ሕግን ማለት እዩ። ደሞክራሲ ማለት ህዝቢ ብዝመረጾም ወከልቲ ዝመሓደረሉን ከምኡ`ውን  መሰሉ ዘረጋግጸሉን ንሰበስልጣን መንግስቲን`ውን ዝቆጻጸረሉን ኣገባብ`ዩ። ግዝኣተ ሕጊ ኩሉ ስልጣንን ሓላፍነትን ሰበስልጣን ኣብ ሕጊ ዝተሞርኮሰ ኮይኑ ዜጋታት መሰሎም ዝሕለወሉን ግቡኦም ዝፍጽሙሉን ስርዓት`ዩ።  ስለዚ ደሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን መሰረታት ቅዋማዊ ስርዓት ኢዮም። ቅዋም እምበኣር ምንጭን ከምኡ`ውን  ናይ ዕላማታት ሃገርን መንግስትን ቀንዲ መሳርሒ`ዩ። እቲ ኣብ 1997 ዓ.ም. ብቅዋማዊ ባይቶ ጸዲቑ ኣብ ግብሪ ክዉዕል ዝነበሮ ቅዋም ሃገር ኤርትራ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣጋባብ ክመርሕን ክሰርዕን ስለዝነበሮ ከኣ`ዩ ንመሰጋገሪ መንስቲ ኤርትራ ኣብግብሪ ንኸውዕሎ ሓላፍነት ዝተወሃቦ፡፡ይኹን ደኣ`ምበር ላዕላዋይ መራሒ ህግደፍ ዝጸደቐ ቅዋም ኣብ ግብሪ እንተውዒሉ ብህዝቢ ክሕተት ስለዝነበሮ ንቅዋም ደርቢዩ ብምልኪ ኪገዝእ ዝርከብ ዘሎ። ኣብ ደሞክራሲ ኩሉ ከምትደልዮ  ኣይትገብርን ኢኻ። ደሞክራሲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ተወጢሕካ ድልየትካ እተማልኣሉ መስርሕ ኣይኮነን። ደሞክራሲ ናይ ሓባር መስርሕ ኮይኑ፡ ንናይ ሓባር ረብሓን ዕላማን ጥቕምን ዘመዓራሪ መሰርሕ ፖለቲካ ኢዩ። ኩሉ ሰብ ኣብ መሰርሕ ደሞክራሲ ኪካፈል መሰል ኣለዎ፡ ይኹን`ምበር ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኩሉ ዝጠልቦ ጉዳያት ይማልኣሉ ማለት ኣይኮነን፡ በንጻሩ ደሞክራሲ ነቲ ናይ ሓባር ዝተመዓራረየ ጉቡኣት ክተማልእ`ዩ ዝሓትት፡ እዚ ሓስብ`ዚ ምስ ባህርን ስሱዕ ድልየትን መራሕቲ ህግደፍ ዘይሳነን ተራጻምን ኮይኑ ንረኽቦ።

ሕብረተሰብ ብናይ ሓባር ቀርጺ ዝቖመ`ዩ፡ እዚ ቅርጺ እዚ ክሰርሕ ሕጊ  የድልዮ፡ ኩሎም ሕግታት ከኣ ንናይ ውልቀሰብ ምርጫ ገስዮም ነቲ ብናይ ሓባር ድልየት ህዝቢ ዝቖመ ሕጊ ክኽተልን ብኡኡ ክቕየድን ዘገደድ`ዩ።  ኣብ ርእሲ`ዚ ውልቀሰብ ንናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓ ጽግዕተኛ ሕብረተሰብ`ዩ፡ እዚ ማለት ኣብቶም ዝቖሙሕግታትን ቅዋማትን መራሕ ህግደፍ ንነብሱ ኣብ ልዕሊ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ  ኣቖሚጡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከም መላገጺ ጌርዎ ይርከብ። እቲ ልሙድ ኣብ ታሪኽ ሰብኣውነት ዝተራእየ ሕግታትን መነባብሮ ሰባት ክሰርዑ ተባሂሎም ዝወጹ ቅዋማት ብገዛኢ ደርቢ ኢዮም ዝወጹን ዝቕረጹን ነይሮም፡ በዚ ኣቢሎም ከኣ ነቲ ነጻነት ኣብኦም ጥራሕ ተሓጺሩ ብምትራፍ፡ እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ግን በቲ ጸቓጢን ገዛኢን ደርቢ ኣብ ስቅያት ኩሉ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፤ ቁጠባዊ ኣደራዕ ይነብር። እዚ ኣብ ኤርትራ ንርእዮ ዝሎና ምምሕዳር ህግደፍ እዉን ኣብዚ ኣረጊት ኣገባብ`ዚ ዝተሰረተ`ዩ እንትርፈ ቅዋም ዘየተግበረ ምኳኑ፡ ኣብዚ ኣቲናዮ ዘሎና ሓዲሽ ዘመነ ደሞክራሲ ግን ኩሎም ዜጋታት ማዕረ መሰል ዝመስረቱ ኣገባብ መሰርሕ ብምጥቃም ንዝወጹ ሕግታት ብማዕረ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎምን ክኽተልዎምን ይግባእ።

ደሞክራሲ ንመሰል ውልቀሰብ ኣትሪሩ`ዩ ዝጸቕጠሉ፡ መሰል ምግላጽ ርእይቶ፡ መሰል ምውዳብን ኣብኡ ተሞርኲስካ ነቲ ኣብ ግብሪ ክዉዕለልካ እትደልዮ ምድፋእ`ዩ፡ ኣብ ደሞክራሲ መሰል ትምህርትን ሕክምናን ውሕስነት ኣብ ግዜ ሕማምን ስራሕ ምስኣንን ሰብ ባዕሉ ንነብሱ ክናብየሉ ኣብ ዘይክእለሉ እዋን ዝህሉ ውሕስነት`ዩ።

እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንኹሉ መሰላት ዜጋታት ጊሂሱ ዝኸይድ ዘሎ ዝባኑ ዝቐልዐ ብልሹው ብምኳኑ፡ ንውሕስነት ሰብን ማሕበራዊ ርግኣትን ዝጻረር ኣገባብ`ዩ ዝኸተል።

እዚ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ይኹን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝርከብ ህዝብታት ኣብ`ቲ ዝነብርሉ  ሕብረተሰብ ክምርኮሱሉ ዝኽእሉ ሕግታት ምስ ዝህሉ ፍትሕን መሰልን ኣብ ዝሰኣነሉ፡ ኣብኡ ተሞርኲሶም መሰሎም ኪሓቱ ይኽእሉ። በቲ ካልእ ወገን ኣብቲ ዝነብርሉ ሕብረተሰብ ከማልኡዎ ዘለዎም ጉቡኣት`ውን ክፈልጡ ይኽእሉ።

ምምሕዳር ሕግደፍ ህዝቢ ቅኑዕ ፍልጠት ደሞክራሲ ንኸይህልዎ ንዝጸደቐ ቅዋም ዓሺጉ ዓንዲ ሕጊ ከልኪሉ ብግዝኣተ ምልኪ ከምዝቑረን ጌርዎ ይርከብ።

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ምፍጣሩን ምምስራቱን ንቕዋም ሃገር ኤርትራ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉን ህዝቢ ኤርትራ ብማዕረ ክጥቀመሉን`ዩ ከም ሓደ ካብ ራኢታቱ ሒዝዎ ተበጊሱ፡ ዕላማ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ (ሰደኤ) ፖለቲካዊ ምዕባለ ሃገር ኤርትራን ህዝባን ብሰንሰለት ሰነ-ሓሳብ ጠሚሩ ካብ ምልካውነት ስርዓት ህግደፍ ኣጋላጊሉ ፍትሓዊትን ደሞክራስያዊትን ኤርትራ ምምስራት`ዩ።  ነዚ ሽቶ`ዚ ንምውቃዕ ፖለቲካዊ ራኢኡ ኣብ ቅዋም ኤርትራ`ዩ ኣሞርኲሱዎ። በዚ ቅዋም`ዚ ሓርነት ኤርትራውያን ንኸይገሃድ ንዝቆጸየ ስሱዕ ስርዓት ህግደፍ ካብ ቦቱ`ኡ ኣልጊስካ ብቕዋምን ብኻብኡ ዝምንጭው ሕግታትን ኣስፊንካ ማዕርነት ዜጋታት ምርግጋጽ`ዩ

ሰደኤ ንኹሉ ተግባራት ህግደፍን ምልኪ መራሒኦምን ክጥምቶ ከሎ ብዝጸደቐ ቅዋም  ኤርትራ`ዩ ዝርእዮን ዝዕቅኖን ዝፈርዶምን፡ መሰረት ፍልልያት ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ህግደፍን ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ኢዩ። ህግደፍን ውልቀ መራሒኦምን በዚ ናይ ሃገረ ኤርትራ ቅዋም ንኸይግዝኡን ክይምእዘዙን ዝሸፈቱ ጸረ ሕግን ደሞክራስን ኢዮም። ንሰላም ደድሕሪኦም ሰሪዖም ብህውከትን ኩናትን ሃብቲ ዘኻዕብቱ ዘለዉ`ዮም።

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ክብገስ ከሎ ህግደፍ ዝፈጠሮ ጸረ ፍትሕን ጸረ ደሞክራስን ብግቡእ መርሚሩን ገምጊሙን ኣንጻሩ ኪቃለስ ኪዉስን ከሎ ዝተጋህደ ጽዱቕ ቅዋም ኣብ ቦትኡ ንምምላስ`ዩ። ኣብ ኩሉ መዳያት ፖለቲካዊ  ምንቅስቓስሳትን  ከም ቀንዲ መሳርሒ ኣንጻር ህግደፍን ውልቀ መራሒኡን ዝጥቀመሉ ርእሰ ሰነድ ዝጸደቐ ቅዋም ኤርትራ`ዩ። እዛ ሃገር እዚኣ ብመስዋእቲ ዝመጸት እምበር ብህያብ ኣይረኸብናያን፡ እዚ ኽቡር  ህያብ`ዚ ብፍትሕን ደሞክራስን ክልለ፡ ቅዋም ኤርትራ ጸዲቑ፡ እዚ ክቡር ሰነድ `ዚ ውጽኢት ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ`ዩ፡ መንቀሊ ኩሉ መጻኢ ቻርተራትን ዝተመሓየሸ ቅዋማትን ክኸውን ስለ ዘለዎ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእትዎ ሰነድ`ዩ፡ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ንታሪኽ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ሃገር ኤርትራን ህዝባን ሃጓፍ ክገድፍ ዘይመርጽ ሰልፊ`ዩ። እዚ ስለዘይተተግበረ`ዩ ኸኣ ሰላም ተሳኢኑ ሃገር ኣብ ሓደጋ ወዲቓ ዘላ`ሞ ትሕዝቶ ናይ`ቲ ክትግበር ኣለዎ እንብሎ ህዝቢ ኤርትራ ተሰማሚዑ ዘጽደቖ ኣብ ከብሒ ቤት ጽሕፈት ፕረሲደንት ተሓቢኡ ከይተርፍ ኣብ ዝቐልጠፈ ኣብ ግብሪ ኪዉዕል ንጠልብ።

ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ